# ስለለ መርበብ እንታይ እዩ ትርጉሙ?
# ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስለላ መርበብ ህግደፍ፣ ካብ ካልኦት ስለላ-መርበባት ሃገራት ዓለም እንታይ እዩ ፍልልዩ?

ብሓልዮት መርበብ ደቀባት ኤርትራ 15.10.2011

## ስለላ መርበብ ዓባይ ብሪጣንያ

| | |
|---|---|
| SIS<br>SECRET INTELLIGENCE SERVICE | SIS ሲስ= ብ1909 ዓ.ም.ፈ. ንጸጥታን ሓለዋን ሃገር ተባሂሉ ተመስሪቱ። ሲስ ሲክረት ሰርቪስ ፎረይን ኢንተለጀንስ ማለት'ዩ።እብቲ መጀመርያ እቲ ሓለዋ ጸጥታ ሃገር (ሲስ) ኣብ ክልተ እዩ ተኸፊሉ። ሓይሊ ባሕሪ ንወጻኢ ዝቀ`ኣጻጸርን ዝስልን። ወተሃደራዊ ሓይሊ ከኣ ንሓለዋ ውሽጢ ሃገር ዝቈጻጸርን ዝስልን። እቲ ኤምኢ.5 ንውሽጣዊ ጒዳይ ዝቈጻጸር ክኸውን ከሎ፣ እቲ MI6 ድማ ንወጻኢ ሓለዋ ሃገር ዝስሊ እዩ። ኤማኢ.6 = ማለት ቃል ንቓሉ„ሚሊታሪ ኢንተለጀንስ ክፍሊ 6“. እዩ። ኤም6 ካብ 2009 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ ብሰር ሮበርት ጆን ስዋረስ ዝተባህለ እዩ ዝምራሕ። ብ1888 ስለላ መርበብ ሃገር ኣንግሊ ብዳይረክቶረይት ሚሊተሪ ኦፍ ኢንተለጀንስ (DMI) ብዝብል ስም ተጀሚሩ። ቀንዲ ዓላማኡ ድማ (ብሪቲሽ ሚሊተሪ ኦፍ ድፈንስ (ሞድ). ንሓለዋ ምክልኻል ሃገር እዩ ነይሩ።<br>1946 ዕ .ም.ፈ. እቲ ዲፈንስ ኢንተለጀንስ ስታፍ ዝጽዋዕ ዝነበረ ተሓኺኹ። ብ SECURITY SERVICE MI5 ተተኪኡ። ትርጒም ኤም5 ከኣ ወተሃደራዊ 5ይ ክፍሊ (ጨንፈር) ማለት እዩ። ዋና ቤት ጽሕፈት ኤም5 ኣብ ከተማ ለንደን ዝርከብ ቶማስ ሃውስ ዝተባህለ ቦታ እዩ። |

## ስለላ መርበብ ሃገር ጀርመን

ሓለዋ ጸጥታ ወይ ከኣ ስለላ መርበብ ሃገር ጀርመን፣ ብ.ኤን.ደ (ቢኤንዲ) ቡንደስ ናኽሪኽተን ዲንስት (ፈደራላዊ ዜና ኣገልግሎት) ይብሃል። ዋና ቤት-ጽሕፈቱ ኣብ ፑላኽ ዝብሃል ቦታ ጥቓ ከተማ ሙኒክን ኣብ ከተም በርሊንን እዩ። ቀንዲ ዕማሙ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢ ሃገርን ሓበሬታታት ማእካብን ምስላይን እዩ። ካብ 1990 ጀሚሩ ኣብ ሕጊ ተመርኲሱ ክሰርሕ ተመዲቡ። ቀንዲ ዕማሙ ድማ ንሃገር ረብሓን ሓለዋን ዘገልግል ስለላ መርበብ ምዝርጋሕ'ዩ። ስለላዊ ስርሓት ውሽጢ ሃገርን ወጻኢ.ን። ስለላ መርበብ ሃገር ጀርመን ቢ.ኤን.ደ ሓደ ካብተን ዝበርትዓ ስለላ መርበባት ዓለም እዩ።

## ስለላ መርበብ ሃገር ፈረንሳ

ስለላ መርበብ ፈረንሳ (DGSE) 1. ዲረክስዮን ጀነራል ደ ላ ሰኩሪተ ኤክስተሪዮረ ይብሃል ትርጉሙ ከኣ ጀነራል ዳይረክተር ጸጥታ ብ1946 ዓ.ም.ፈ. ተመስሪቱ። ብ1962 ዓ.ም.ፈ. ከኣ ብትእዛዝ ፕረሲደንት ፍረንሳ ቻርለስ ደጎል ኣብ ምስ ሚንስተር ምክልኻል ክዓዩ ተኣዚዙ።
5 ጨናፍር ድማ ኣለዎ -
-technischer Dienst ተክኒካዊ መዳይ
-Strategie ስትራተጂካዊ መዳይ

**ስለላ መርበብ ፈረንሳ ካብ 1946 ክሳብ 1982 (SDECE) ኣብሃል ነይሩ ካብ 1982 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ ግና DGSE ተባሂሉ።**



ዜናን ሓበሬታን

ፍሉይ ዕማማት ዝዓምም ክፍሊዝሕሉ ክፍሊ ስለላ መርበብ: ዲረክስዮን ደ ላ ሱርቨይላንስ ዱ ቶሪቶሪ (ዳይረክቶረይት ኦፍ ተሪቶሪኣል ሳርቫለንስ) ይብሃል። ደ.ኤስ.ተ= ትርጉሙ ዶብን ወሰንን ሃገሩ ዝሕሉዝልዓለ ብዓል ብዓል ስልጣን

ወጻኢ ጉዳይ ዝስሊ ደ.ገ.ኤስ. ዲረክስዮን ጀነራል ደ-ላ ሰኩሬር (DST) ካብ 1944 ክሳብ 2008 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ ኣብ ትሕቲ ውሽጢ ሚንስተር ሃገር ፈረንሳ ኮይኑ ጉዳይ ስለላ የካይድ
ካብ ባሕቲ ሓምለ 2008 ዓ.ም.ፈ. ድማ ምስ (DCRG, RG
ተሓናፊጹ ክሰርሕ ጀሚሩ።
DCRG – *(ማእከላዊ ኣገልግሎ ዜና ወይ ማእከላይ ስለላ መርበብ) ፈረንሳ ማለት እዩ።,*

| | |
|---|---|
| | ስለላ መርበብ ሃገር ጣልያን<br><br>*SISMI (Military Intelligence and Security Service)* ስለላ መርበብ ሃገር ጣልያን |

# ስለላ መርበብ ሕ.መ.ኣሜሪካ

| | |
|---|---|
| |  |
| ኣርማ (ምልክት) ስለላ መርበብ ሕ.መ.ኣሜሪካ | ዋና ቤት ጽሕፈር ስለላ መርበብ ሕ.መ.ኣሜሪካ |

ስለላ መርበብ ሕ.መ.ኣሜሪካ ንስሙ ሲቪላዊ እዩ። ኣገልግለቱ ግና መንግስታዊን ወተሃደራዊን እዩ። ሰንተራል ኢንተለጀንስ ኤጀንሲ (ሲ.ኣይ.ኤይ) ሲቪላዊ መርበብ ስለላ እዩ። ስለላ መርበብ ሕ.መ.ኣሜሪካ ምስ ስለላ መርበብ ሞሳድ ጽኑዕ ምትእስሳር ኣለዎ። ኣብዚ ዘሎናዮ መዋእል ክልቲኣኦም ስለላ መርበባት ተላፊኖም ዳርጋ ንምእሉእ ዓለም ክቈጻጸሩ እዮም ለይትን ምዓልትን ዝጽዕሩ ዘለው።

## ስለላ መርበብ ሶቭየት ሕብረት KGB ከይ.ጂ.ቢ.ኮሚተ ሓለዋ ሃገር ሶቬት-ሕብረት

ከይ.ጂ.ቢ.. ስለላ መርበብ ሶቬት ሕብረት ብ1954 ዓ-ም-ፈ. ተመስሪቱ።ካብ 1954 ክሳብ 1991 ዓ.ም.ፈ. ካልኣይ ደረጃ ስለላ መርበብ ዓለም ኮይኑ ክሳብ 1991 ዓ.ም.ፈ. ስለላዊ መርቡ ከካይድ ጸኒሑ። ድሕሪ ውድቀት ማሕበርነት ሩስያ እውን ስርሑ ይቕጽል ኣሎ።

|  |  |
|---|---|
| ኣርማ KGB **ኮሚተ ሓለዋ** | **ሃገር ሶቬት-ሕብረት** ti |

ኣብ ግዜ ንጉስ ሃይለስላሴ ስለላ መርበብ ኢትዮጵያ: ምስ ሲ.ኣይ.ኤን ስለላ መርበብ ኣሜሪካን፣ ኤም 5 ስለላ-መርበብ ሃገር እንግሊዝን፣ ሞሳድን ስለላ መርበብ ኢስራኤልን ተኣሳሲሩ እዩ ዝሰርሕ ነይሩ።

ስለላ መርበብ ኣብ እዋን ደሪ ብከይ-ጂ.ቢ. ስለላ መርበብ ሶቬት ሕብረትን ኤም 5 ስለላ-መርበብ ሃገር እንግሊዝን፣ ሞሳድ ስለላ መርበብ ኢስራኤልን ተኣሳሲሩ እዩ ዝሰርሕ ነይሩ።ኢ.ም 5

ስለላ መርበብ መንግስቲ ኢትዮጵያ: ሎሚ ኣብ'ዚ ወያኔ: ዝገዝኣሉ ዘሎ እዋን፣ ምስ ሲ.ኣይ.ኤን ስለላ መርበብ ኣሜሪካን፣ ኤም 5 ስለላ-መርበብ ሃገር እንግሊዝን፣ ሞሳድን ስለላ መርበብ ኢስራኤልን ተኣሳሲሩ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ።

## ስለላ መርበብ እስራኤል: ሞሳድ

| | |
|---|---|
| MOSSAD<br>ኣርማ ስለላ መርበብ እስኤል ሞሳድ | ስለላ መርበብ እስራኤል (ሞሳድ) ካብ ኩለን ስለላ መርበባት ዓለም ዝጐርሐን ዝሓየለን መርበብ ስለላ እዩ። ካብ 1948 ዓ.ም.ፈ. ተመስሪቱ። ቀንዲ መደበሩ ድማ ኣብ እስራኤል ኮይኑ፣ኣብ ኤውሮጳን ኣሜሪካን ድማ ዓበይቲ ምሓውራት ኣለዎ። ኣብዚ ኣዋን'ዚ ብፍላይ ንሃገራት ዓረብን ኣፍሪቃን ዳርጋ ተቖጻጺሩወን ኣሎ። |

## ስለላ መርበብ ህ. ግ.ሓ.ኤ.

ኣብቲ መጀመርያ እዋን ምምስራት ህ.ግ.ሓ.ኤ.፣ ማለት ብድሕሪ ማኒፈስቶ ንሕናን ዕላማናን፣ ስለላ መርበብ ህ. ግ.ሓ.ኤ. ኢ.ፕ.ኣር.ፒ. እትብሃል ስውርቲ ፓርቲ ነበረት።እዛ ማፌያዊ ስርሓት ዝስርሓ ፓርቲ እዚኣ፣ ድሕሪ ምቕንጻል መንካዕ ብናይዝጊ ክፍሉን ኢሰያስን፣ ኣብ ከባቢ 1974 ዓ.ም.ፈ. እያ ዝተመስረተት። እታ ስውርቲ ፓርቲ እቲኣ: ኮሚንስት ተመሲላ ትርኤም'በር፣ ቀንዲ ዕዮኣ ስለላ መርበብ ሲ.ኣይ.ኤን ዘውጽኣላ መደብ እያ ተተግብር ዝነበረት። ቀጺላ'ውን ብብዓል ስምኦን ገብረድንግል ብከይጂቢ ዝሰልጠኑ ሓደስቲ ኣባላት ከተበት። ናይዝጊ ክፍሉ ኣምሂ ዘመን ኣብ ሶቭየት ሕብረት ክመሃር ከሎ ብእከይ ትምህርቲ እዩ ሰልጢኑ ። ካብ ሰብዓታት ጀሚሩ ድማ ጒጅለ 72 እትብሃል ጒጅለ ስለላ ተፈጥረት። እዛ ስለላ-መርበብ እዚኣ መራሒኣ ጴጥሮስ ሰሎሙን ይኹን ኣምበር መዓልታዊ ጸብጻብ ንኢሰያስ እዩ ዘቕርብ ዝነበረ። ቀንዲ መምሪሒ ጒጅለ 72 ካብ

ሲ.ኣያ.ኤ እዩ ነይሩ። ኣውራ ዕማማ ድማ ኣብ ወጻኢ ኣብ ውሽጥን ሓለዋ ህዝባዊ ግንባርን፣ ብፍላይ ንኣባላት ኢ.ፐ.ኣር.ፒ.ን ንመሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ካብ ሰራዊትን ካብ ህዝብን ምሕላው ኮይኑ፣ ከምኡ'ውን ነፍሲ-ወከፍ ተጋዳላይ ኣብ ንሓድሕዱ ንመሪሕነትን ዕዮ መሪሕነትን ተመራሚሩ መታን ከይፈልጥ ብጽኑዕ ትስልዮን ትሕልዎን ጉጅለ ዝነበረት። ካብ ሰማናያታት ድማ ስለላ መርበብ ዓባይ ብሪጣንያ ኤም5 ብየማነ ገብረመስቀል (ቻርሊ) ተሓዊሱዎ። ካብ ተስዓታት ጀሚሩ ድማ ጉጅለ 72 ብሞሳድ ንኽትትካእ ብኢሰያስን ጕይቶቱን ስለዝተወሰነ: ጉጂለ 72 ሓቒቓ ብጉጅለ ስለላ መርበብ ህግደፍ፣ ብኢሰያስን የማነ ገብረኣብን ብኣብርሃ ካሳን ስምኦን ገብረድንግልን ዓሊ-ዓብዱን እትምራሕ ተመስረተት። ክሳብ ሎሚ ድማ ስለያዊ ዕማማታት ከየቋረጸት ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሰራዊትን ተካይድ ኣላ። ቀንዲ ዕማማ ድማ ንሓርበኛታት ተጋደልቲ ምእሳርን ምጽልጻልን ምድስካልን፣ ንኹሉ ንኢያስን ህግደፍን ዝቃወም ወዲ ሃገር ድማ ምእሳርን ምቕንጻልን እዩ።

እቲ ኣዝዩ ዘስደምም ቀንዲ ሰበብ ህግደርፍ ከኣ፣ ካብ ዝተፋላለያ ስለላ መርባ ሃገራት ዓለም ብሕውስዋስ ስለላ-መርበባት ምስልጣኖም እዩ። ንኣብነት ረቂቕ ስልትታትን ሜላታት ስለላ መርበብ ከይ.ጂ.ቢ. ሶቭየት ሕብረት ብናዝጊ ክፍሉን ስምኦን ገብረድንግልን ዝምራሕ።.ረቂቕ ስልትታትን ሜላታት ሲ.ኣይ.ኤ. ብዓቢኡ ባኢሰያስን ብዙሓት ወይጦታትን ዝምራሕ። ረቂቕ ስልጠና ስልትታት ኤም5 ዓባይ ብሪጣንያ ብየማነ ገብረ-መስቀል (ቻርሊ) ዝምራሕ።። ረቂቕ ስልጠና ስልትታት ሞሳድ ስለላ መርበብ እስራኤል፣ ኣብርሃ ካሳን: ኣብርሃለይ ክፍለን ዓሊ ዓብዱን ካላኦት ከም ብዓል ተስፋልደት ሃብተስላሴን (ዋርድያ ኣኢሰያስ)። ከምኡውን ረቂቕ ስልትታትን ሜላታት ስለላ መርበብ ኢጣልያን ሰኒቖም እዮም እምብኣር፣ ነቲ ገርህኛ ህዝቢ ኤርትራን ጅግንነት ጥራይ ዝኣመሉ ሰራዊት ኤርትራን፣ ብማፍያዊን ስነ-ኣእምራዊ (ማይንድ-ኮንትሮል) ሽበራ ኣደንዚዞም ዘጽንቱዎን ዘለው።

ንኣብነት ካብቲ ቀንዲ ዕማማታ ንመሪሕነት ካብ ሰራዊት ምሕላውን: ኣብ ውሽጢ ሰርራዊት ድማ ምትእምማንን ነጻነትን ከይሰፍን: ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. እናሰሎኽ ድማ በላሕትን ሓርበኛታትን ጀብሃውያን ምቕንጻል። ኣብ ብውሽጢ ሱዳን እናሰለኹ ድማ ንብዙሓት በላሕትን ሓርበኛታትን ኣባላት ጀብሃን ሻዕብያን ኣብ ከሰላን ካርቱምን ይቕንጽሉ ነሮምዮም።ኣባላት ጉጅለ 72 ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሱዳንን ሶማል ከንያን ጸሊቖም ብስዉር እናኣተዉ ብቀጥባ ይኹን ቅያታት ብምፍጻም ሃገራዊ ግቡኦም ይፍጽሙ ነይሮም'ዮም። ንውሽጢ እትዮጵያ ኣናሰለኹ ንሰበስልጣን ኢትዮጵያ ኣናቀንጸሉ ድማ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ብዙሕ ክሳራታት ከምዝወርዶ ገይሮም'ዮም። እቲ ስርሓት ኣቲ ድማ ንዓወት ህ.ግ.ሓ. ኤ. ኣቀላጢፋዎ እዩ። ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ከተማ ናይሮቢ (ከንያ) ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ፍራንክፈርትን ንሩንበርግን፣ ኣብ ኣሜሪካን ብብዓል ኪሻ እትምራሕ ቀንጻሊት ጉጂለ ኣብ ዋሺንግቶን ነይራ'ያ። ኣብ ሃገራት ኣዕራብ'ውን ጨናፍር ስለላ መርበብ 72 ብዙሓት ነይረን'የን። ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰን ካልእ ዘይተጠቕስን ቅያታት እናፈጸመት ድማ ክሳብ 1994 ዓ.ም.ፈ. ትፈርስ ሃገራዊ ኣገልግሎታ ኣበርኪታ እያ። ኣንዳ ማዕበለት ኣብ ክንዲ ትቕጽል ግና ብትእዛዝ ጕይቶት ኢሰያስ ፋሕ ብትን ከምትብል ኮይና። ብስነ-ሓሳብ ሞሳድ ዝተተካኤት ስለላ-መርበብ ህግደፍ ከኣ ተተኪኣ።

እቲ ፍልልይ ስለላ መርበብ ካልኦት ሃገራት ዓለምን ኤርትራን ከኣ፣ ስለላ መርበባት ካልኦት ዓበይትን ንኣሽቱን ሃገራት ዓለም ቀንዲ ዕማመን፣ ንሓለዋ መንግስትን ሃገርን ህዝብን እዩ።
ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስለላ መርበብ ህግደፍ ግና፣ ካብ ካልኦት ስለላ-መርበባት ዓለማት ቀንዲ ፍልልዩ:- ስለላ መርበባት ካልኦት ዓበይትን ንኣሽቱን ሃገራት ዓለም ቀንዲ ዕማመን ንሓለዋ መንግስተንን ሃገረንን ንህዝበን ክኸውን ከሎ፣ ስለላ መርበብ ህግደፍ ግና ጸረ ህዝብን ጸረ ሃገርን እዩ። እቲ ካብ ኩሉ ዝኸፍኤ ባህሪ ስለላ መርበብ ህግደፍ ድማ፣ ዋና ኣገልግሎቱን ዕዮኡን ንረብሓ ባዕዳውያን ጓኖት ምዃኑ እዩ።

ኣብዚ በጺሕናዮ ዘሎና መዋእል ዓለም ብስለላ ድኣንበር ብፖለቲካን ብዲሞክራስያን ኣይኮነትን ትምራሕ ዘላ።